# እግዚኣብሄር ይርኢ

ብህይወት ኣብ እንነብረሉ ጊዜ፡ ብእተፈላለየ ኵነታት ንሓልፍ ኢና። ከምኡ’ውን ብዙሕ ጊዜ ብእተፈላለየ ምኽንያታት ንጭነቕ ኢና። ኣብ ገለ እዋናት’ውን እዚ ምጭናቕ እዚ ካብ ዓቕኑ ይሓልፍ እሞ ኣብ ብዙሕ ክፉላት ናይ ህይወትና፡ ብዙሕ ዘይተደልየ ሳዕቤን ከስዕብ ይኽእል እዩ። በዚ ናይ ህይወት መስርሕ እዚ ክንሓልፍ ዝከኣል እኳ እንተ ኾነ፡ ነንመዓልቱ ነቲ እንሓልፎ ኵነታት ብተስፉን ብዓወትን ምእንቲ ክንዋጸእ እግዚኣብሄር ኣብ ዝፋኑ ኮይኑ ይርእየናን ብድንጋጸ ይድግፈናን እዩ። እግዚኣብሄር፡ ኣብ ከመይ ዓይነት ህይወት ኣሎና ብዘየገድስ ይርእየና እዩ። ንሎሚ ሒደት ካብኡ ክርነኢ ኢና።

1. ኣብ ጊዜ መከራ

“ንሳ ድማ፡ ነቲ ዝርእየንስ ኣብዚ’ዶ ርእየዮ እየ፦ ኢላ፡ ስም እቲ ንእኣ እተዛረበ እግዚኣብሄር፡ ኣታ ዝርኢ ኣምላኽ፡ ኢላ ኣውጽኣትሉ” (ዘፍ 16፡13)። ካብዚ ጥቕሲ ከም እንርድኦ፡ እግዚኣብሄር ንኣጋር ኣብቲ ኣዝያ ተስፉን ደግፍን እትደልየሉ እዋንን፡ ብብዙሕ ዝዓይነቱ ናይ ስጋ ድኻምን፡ ናይ ኣእምሮ ምንዋጽን እንከላ መልኣኽ እግዚኣብሄር ተገልጸላ። እቲ ሕያዋይ ኣምላኽ ይርእያን ይድንግጸላን ከም ዘሎ ክትፈልጥ በቲ ዝርድኣ ቋንቋ ገይሩ ተዛረባ። ብርግጽ ድማ እዚ ቃል እዚ ንኣጋር ብዙሕ ትርጒም፡ ሓይልን ተስፉን ዘለዎ ቃል እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ኣጋር በቲ ዝበደለቶ (ንሳራይ ምቅላል) ካብቲ እትነብረሉ ዝነበረት ቤትን ምድርን ካብቶም እትፈልጦም ጕይቶታ ሃዲማ ናብ ዘይትፈልጦ ቦታ እያ ትኸይድ ነይራ። ነቲ ካብ ንሳራይ ምህዳም። ባዕላ ዘምጽኣቶ ሽግር ምንባሩ’ውን ካልእ ተወሳኺ ዕረፍቲ ዝኸልእ ነጥቢ ምንባሩ ንምግማቱ ዘጸግም ኣይኮነን። ምኽንያቱ ደቂ ሰባት ናይ እንሓስቦን እንገብሮን ነገራት መጀመራት ጫፍ ደኣ እምበር ድሒሩ እንታይ ሳዕቤን ከም ዘምጽኣልና ዳርጋ ዝበዝሕ ጊዜ ምስ ኮነ ኢና እንፈልጦ። ኣጋር’ውን እቲ ኣብ ሳራይ ዝበደለቶ በደል እዚ ሳዕቤን እዚ የምጽእ ኢላ ዝሓሰበት ኣይትመስልን ነይራ።

ካብዚ ቃል እዚ እንረኽቦ ዝዓበየ መልእኽቲ፡ እግዚኣብሄር ምስ ኣጋር ከም ዝነበረን፡ ከምቲ ሰብ ዝርእዮ ዘይኮነስ፡ ብፍሉይ ትዕዝብትን ድንጋጸን ይርእያ ከም ዝነበረን እዩ። እግዚኣብሄር ኣብቲ ዝበደለትሉን ክርኵብልል ዝጀመረትሉ ኵነታትን ሰዓትን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ቤታ ከላ’ውን ድኻማ መከራኣ ዝፈልጥ፡ ድርኺት ልባ ዘስተውዕል ኮታስ ብምልኣት ንኣጋር ዝፈልጥ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ፡ በቲ ሽዑ ንሳራይ ዝበደለታ ኣብቲ በረኻ ሽለል ኣይበላን። ንኣጋር ምጽንናዕ ምኽንያት ዝኾና ድማ እዚ እዩ ነይሩ። እግዚኣብሄር ብበደላን ሓጢኣታን ከይነዓቐ ነቲ ሰብ ክርእዮ ዘይክእል ውሽጣዊ ጓሂኣን ቃንዛኣን ርእዩዎ። ንሳ ድማ ነቲ ዝረኣያ ኣምላኽ ርእያቶ፡ በዚ ድማ ተጸናኒዓ፡ ዕረፍቲ ረኺባ።

ብተመሳሳሊ’ውን እቶም ናብ ግብጺ እተሰዱ ደቂ እስራኤል ኣዝዮም ምስ በዝሑን ኣብ ግብጺ ድማ ንዮሴፍ ዘይፈልጥ ንጉስ ምስ መጸ፡ ግብጻውያን ብብዙሕ ዕዮ ከጽብቡሎም ጀመሩ። “ ... ደቂ እስራኤል ከኣ ካብ ባርነቶም እተላዕለ እህህ በሉ፡ ጨርሑ ድማ፡ እቲ ኣውያቶም ብዛዕባ ባርነቶም ከኣ ናብ ኣምላኽ ደየበ። ኣምላኽ ድማ ቍዝማኦም ሰምዐ፡ ኣምላኽ ከኣ ነቲ ምስ ኣብርሃምን ምስ ይስሃቅን ምስ ያእቆብን ዝኣተዎ ኺዳን ዘከረ። ኣምላኽ ድማ ናብ ደቂ እስራኤል ረኣየ፡ ኣምላኽ ከኣ ህልዋቶም ፈለጠ” (ዘጸ 2፡22-25)። እግዚኣብሄር እቲ ብጸበባ ህዝቡ ዝጸቦ ኣምላኽ፡ “ ሕጂ ድማ እነሆ፡ ኣውያት ደቂ እስራኤል ናባይ መጸ፡ እቲ ግብጻውያን ዘጥቅዕዎም ጥቕዓት ርኤኹ። እምበኣር ሕጂ ነዓ፡ ንህዝበይ ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ከተውጽኦም፡ ናብ ፈርኦን ክልእከካ እየ፡ በለ” (ዘጸ 3፡9-10)፡ ብምባል ብሙሴ ገይሩ ብዝርግሕቲ ቅልጽምን ብዓበይቲ ትእምርትን ተኣምራትን ካብ ግብጺ ከውጽኦም ኣብቲ ጊዜ እቲ ህዝቢ እስራኤል ፍጹማት ኮይኖም ንእግዚኣብሄር ይጽበዩዎ ነይሮም ክንብል ኣይንኽእልን ኢና፡ ብዙሕ ጊዜ ኣኾርዮምዎ እዮም። እንተ ኾነ ቃል ኣምላኽ፡ “ብዙሕ ጊዜ ኣናገፎም፡ ንሳቶም ግና ብምኽሮም ዓለው፡ ብኣበሳኦም’ውን ተዋረዱ። ኣውያቶም ምስ ሰምዐ ኸኣ፡ ጸበባኦም ረኣየ። ንኺዳኑ ድማ ዘከረሎም፡ ብመጠን ብዝሒ ሳህሉ’ውን ራሕርሓሎም። ኣብ ቅድሚ ኵሎም ማረኽቶም ከኣ ሞገስ ሃቦም” (መዝ 106፡44-46)።

2. ኣብ ጊዜ ተስፋ ምቝራጽ

ብዘመን ንጉስ ኣከኣብ ብዙሓት ነብያት ምስ ተቐልቀሉ፡ ነብዪ ኢሳይያስ “... ሞት ተመነዩ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ኣነስ ካብ ኣቦታተይ ኣይበልጽን እየ እሞ፡ ሕጂ ይኣኽለኒ፡ ንነፍሰይ ውሰዳ፡ በለ። ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ኪለዓው ከኣ በጥ ኢሉ ደቀሰ። እንሆ ድማ፡ መልኣኽ ነቕኒቑ፡ ተንስእ እሞ ብላዕ፡ በሎ። ... ንሱ ድማ ተንሲኡ በልዐን ሰተየን እሞ፡ ብሓይሊ እቲ ብልዒ እቲ ክሳዕ ሆሬብ፡ እቲ ከረን ኣምላኽ፡ ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ከደ” (1ነገ 29፡4-8)። ኤልያስ እቲ ብእምነትን ብትብዓትን ነቶም ነብያት በዓላት ስዒሩ ብሴፍ ዝሓረዶም ብናይ ኢዛቤል ምፍርራሕ ተስፋ ቈሪጹ ሞት ከም እተመነየ ቃሉ የርእየና። ንሕና’ውን ብዙሕ ናይ

እምነት ጐዕዞ ዘሕለፍና ክንከውን ንክእል ኢና፡ ኣብ ገለ እዋን ግን ብዘጋጥመና ኵነታት ተስፋ ቈሪጽና ክንደናደን ንኽእል ኢና፡ እግዚኣብሄር ግን ንኵነታትና ብድንጋጸ ተዓዚቡ ኵሉ ጊዜ ሓይልና ይሕድሶ እዩ።

3. **ኣብ ጊዜ ፍርሂ**

ሚድያናውያን ንህዝብ እስራኤል ምስ ወረርዎምን ምስ ዘመትዎምን ጊዴዎን ካብ ፍርሒ እተላዕለ ካብ ሚዲያናውያን ተሓቢኡ ስርሑ ይሰርሕ ነይሩ። “ሽዑ መልኣኽ እግዚኣብሄር ተራእዮ፡ ኣታ ሓያል ጅግና፡ እግዚኣብሄር ምሳኻ እዩ፡ ክኣ በሎ። … እግዚኣብሄር ናብኡ ግልጽ ኢሉ፡ ልኢኽካ'ዶ ኣይኮንኩን፡ በዚ ሓይልኻ እዚ ኬድካ ንእስራኤል ካብ ሚድያን ኣድሕኖም፡ በሎ። … (መሳ 6፡12-16)። ጊዴዎን ካብ ፍርሒ እተላዕለ ንእግዚኣብሄር ክኣምኖ ብዙሕ ተሸጊሩ፡ ብዙሕ ምልክታት ከኣ ሓቲትዎ፡ እግዚኣብሄር ድማ ከይሰልከየ ንኵሉ ሕቶታቱ ብምምላስ ንጊዴዎን ኣእሚኑ፡ ካብ ፍርሒ ኣውጺኡ ንዓቢ በረኸት ገይሩዎ። ንሕና'ውን ሕጂ ኣብ እተፈላለየ ናይ ፍርሒ ሃዋህው ንህሉ ንኸውን እግዚኣብሄር ግን በዚ ዘለናዮ ኵነታት ክጥቀመልና ይኽእል እዩ።

4. **ኣብ ጊዜ ስእነት**

ኣብ እስራኤል ብርቱዕ ጥሜት ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ እግዚኣብሄር ንደቂ ብዘይ ናይ ዕለት እንጌራ ስለ ዘይገድፍ ንነብዪ ኤልያስ ሓንሳብ ብጒኻት ሓንሳብ ድማ ብሓንቲ ኣዝያ ድኻ መበለት ገይሩ ንነዊሕ ጊዜ ቀለቦ (1ነገ 7፡2-16)። እግዚኣብሄር ኣምላኽና ብዘመን ጥሜት ብጽጋብ ከንብር ዝኽእል ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ንስጋዊ ድሌትና ዘድልየናን ዝጐደለናን ኣጸቢቑ ስለ ዝፈልጥ ብእተፈላለየ መገዲ ገይሩ ናይ ዕለት እንጌራና ይህበና እዩ። እግዚኣብሄር ንድሌት ልብና ይርድኦን ይፍጽመልናን እዩ። ብተወሳኺ፡ ሃና ውሉድ ስኢና፡ “ዎ እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት፡ ውርደት ባርያኻ እጸቢቕካ ርኢኻ እንተ ዘከርካኒ፡ ንባርያኻ ተባዕታይ ውሉድ እንተ ደኣ ሃብካኒ ኣነ ድማ ኵሉ ዘመን ህይወቱ ንእግዚኣብሄር አወፍዮ፡ ናብ ርእሱ ከኣ መላጸ ኣየሕልፎን፡ ኢላ መብጽዓ ተመባጽዐት (1ሳሙ 1፡11)። ሽዑ እግዚኣብሄር ንጸሎታ ሰሚዑ ሳሙኤል ክቡር ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ሃባ።

5. **ኣብ ጊዜ ሓጢኣትን ውድቀትን**

ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሓደ እኳ ፍጹም ሰብ ስለ ዘየለ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ሓጢኣትናን ውድቀትናን'ውን ይድንግጸልና እዩ። ‘ደጊም ብዘይ ሓጢኣትሲ፡ ብኵሉ ከምዚ ከማና እተፈተነ እዩ እምበር፡ ብድኻምና ክድንግጸልና ዘይክእል ሊቀ ካህናት የብልናን …” ዝብል ቃል ክንደይ ኣዝዩ ንልብና ዘየጸናንዖ (እብ 4፡14)። ምኽንያቱ ጐይታ ባዕሉ ብኹሉ ከምዚ ከማና ስለ እተፈተነ እንሓልፎ ኵሉ ዝርእን ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ክንፍተን ከምዘይሓፍገናን ቃል ኣትዩልና እዩ። እምበኣርከስ ከም ሰዓብቲ ጐይታ ክንፈልጦ ዘሎና ሓቂ እዚ እዩ። ካብቲ ዝኸብደና ነገራት ክብ ኢሉ እግዚኣብሄር ኣብ ዝፋኑ  ኣሎ።

6. **ንጐይታ እንኽፍሎ ዋጋ**

“ብርግጽ ዓስቢ ኣሎ፡ ትጽቢትካ ከኣ ከንቱ ኣይክኸውንን እዩ እሞ፡ ልብኻ ኵሉ መዓልቲ ፍርሃት እግዚኣብሄር ይሃልዎ እምበር፡ ብሓጢኣተኛታት ኣይቕናእ” (ምሳሌ 23፡17-18)። ከምኡ'ውን እግዚኣብሄር ብመልእኽቱ ገይሩ ንቤተ ክርስቲያን ፊላደልፍያ፡ ግብርኻ እፈልጦ ኣሎኹ። ዓቕምኻ ሒደት እዩ፡ ንቓለይ ሓሊኻዮ ንስመይ'ውን ኣይከሐድካዮን እሞ፡ እንሆ፡ ሓደ እኳ ክዓጽዎ ዘይክእል ክፉት ኣፍ ደገ ሂበካ ኣሎኹ” ብምባል ነቲ ሒደት ዓቕሞም ንስሙ እተኣመንዎ ምእማንን ዓብዩ ዓስቢ ሃቦም (ራእይ 3፡8)።

ስለዚ ንጐይታ ምስዓብ ምስ ጀመርና እንተስ ብፍርሒ ወይስ ብምጥርጣር፡ ወይ ተስፋ ብምቝራጽ፡ ምእንቲ መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቅን ኢልና ጊዚያዊ ዕጋበር ክህቡና ዝኽእሉ ነገራት እንሓድግ፡ ምእንቲ ስም ክርስቶስ እንስከሞ ጸርፊ፡ ውርደት፡ ስእነትንካልእ መከራን፡ ንዕዮ ጐይታ ኢልና እንኽፍሎ ዋጋ፡ እግዚኣብሄር ይርእዮን ብመስፈር ውህበቱ ገይሩ ድማ ንኹኡ ዓስቢ ይህበና እዩ (ሉቃ 18፡29-30፣ እብ 6፡9፣ 1ቈረ 15፡58፣ መዝ 84፡11)። ነቲ ሰባት ክርእይዎን ክርድእዎን ዘይክእሉ ውሽጣዊ ቃንዛና፡ ጓሂና ፍርሕናን ካልእ ኵሉ ኵነታትናን ኣብ ዝፋኑ ኮይኑ ዝርእየናን በቲ እንሓልፎ ኵነታት ኵሉ ዝድግጸልና፡ ዝጸረናን ዘሳግረናን እግዚኣብሄር፡ ክንርእዮን ክንኣምኖን እግዚኣብሄር ጸጋ የብዝሓልና። እግዚኣብሄር ይርኢ እዩ!